ብሥራት

ነሓሰ 2013 ዓ.ም.ፈ ኅታም ቍ.75 ካቶሊካዊት ቤት ጽሕፈት ሰበኻ አሥመራ (ካ.ቤ.ስ.አ.) Catholic Secretariat - Eparchy of Asmara (CSEA)

ዓመተ እምነት

ንግደት ዓመተ - እምነት

ዓመተ እምነት

ምእመናን ሰበኻ አሥመራ ናብ ሰበኻ ባረንቱ

ኮሚቴ ዓመተ እምነት ሰበኻ አሥመራ ብዝሰርዖ መደብ መሠረት፡ አብ ዝሐለፈ አዋርሕ ምእመናን ሰበኻ አሥመራ ካብ አርባዕቲኡ መንበረ ሊቀ ካህናት እዚ ሰበኻ ዝመጹ ነጋድያን ዝተሳተፍዎ ብብፁዕ ጳጳስ አቡነ መንግሥተአብን ሊቀ ካህናትን ቆሞሳትን ተመሪሖም አብ ደብረ ኪዳነምሕረት አሥመራ፡ ደብረ ምጥማቕ ማርያም ደዓሪት ከረን፡ አብ ደብረ ቅ.ያዕቆብ ሔቦን፡ ሓንቲ ስድራ ብፍቕሪ ማሚቐካ መንፈሳዊ ተመኩሮ እትረኽበሉ ካልእ ርእሱ ዝኸአለ ጸብጻብ ዝመድለዮ ታሪኻዊ ህሞት ነበረ።

ነጋድያን በዚ አገባብ፡ ጽርግያ ዞባ ማእከል፡ ዞባ ዓንሰባ ዞባ ጋሽ ባርካ ወሪዶም፡ አብ ዓደርደ ምስ በጽሑ ተጸባብዮም፡ ድሃይ ሓድሕድ ገይሮም ናይ ዕረፍትን ምሳሕን መደቦም አሳሊጦም፡

ከምዝነገዱ ይዝከር። ሕጂ'ውን ከም አካል'ዚ ዓመታዊ መደብ ዕለት 3-4 ነሓሰ 2013 ብተመሳሳሊ መንገዲ ናብ ሰበኻ ባረንቱ ን ግደት ንስሓን ምሕረትን፡ ንግደት ስርየት ኃጢአትን ምብርባር እምነትን፡ ንግደት ምህለላ ነባሪ ሰላምን ዝናምን፡ ንግደት ሕውነትን ሓድነትን በረኸት ሰማይን ምድርን ዝዓዘዞ ሕጉስ ንግደት ፈጺሞም።

ነጋድያን ቀዳም ንግሆ አአብ ቍምስናኦም ቅዳሴኦም ተሳቲፎም፡ ከቅብ ደብሮም ብ15 ዓበይትን ናእሹቱን አውቶቡሳት ተበገሱ። አብ ነፍሲወከፍ አውቶቡስ ዝግበር ዝነበረ ጸሎት መቍጸርያን ምህለላን፡ ዝተፈላለየ ትሕዝቶ ዘለዎ ባህላዊ መዝሙር አደታትን ዘመናዊ መዛሙርን ነቲ ነዊሕ ጉዕዞ ባህግካን ልመናኻን ምስጋናን ውዳሴካን ናብ አምላኽ እተቕርበሉ ጥዑምን ንሓድሕድካ'ውን ከም ጉዕዞኦም ንባረንቱ ቀጸሉ። እንደገና አብ ምእታው ከተማ ባረንቱ ተጸባብዮም ድማ ብእግሪ ጉዕዞ መስቀል አምሪሖም፡ ነቶም ምስ ኦም ብአውቶቡስ ዝነገዱ ብፁዕ አቡነ መንግሥተአብ አሰንዮም፡ ብምህለላን መቍጸርያን መዛሙርን ናብ ቍምስና ደብረ ኪዳነ ምሕረት ባረንቱ እንኪበጽሑ፡ ህየንተ ጳጳስ ሰበኻ ባረንቱ ክቡር አባ ሉቃስ ባርዛኖን ሐሊቃ ገዳም አባ ተስፉ ኢዮብን ቆሞስ አባ ተኽለሃይማኖት ቀሺ ብርሃነመስቀልን ለቢሶም መስቀል ብዝሓዙ ዲያቆናትን "እዚ ኩሉ ናበይ ዝደለ ናብ አደይ ማርያም ተስፋ ዝደለ" ቢለን ዝምህለላ አደታትን ብስሙር ድምጽን ምን ቅስቃስን ብቃንቋ ኩናማ ዝዝምሩ ሕፃናትን ቆልዑን ተሰንዮም አብ ቀጽሪ ቤተክርስቲያን ድሙቕ አቀባብላ ገበሩሎም።

አብኡ ቅ.ወንጌል ብኩናማን ትግርይኛን ድሕሪ ተነቢቡ፡ እግዚኦታ ▯▯▯▯▯፡ ቃል እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ናይ ቆሞስን፡ ቃል ምስ ጋና ብፁዕ አቡነ መንግሥተአብን ተሰሚዑ ከአ ነጋድያን ናብቲ ምእንታኦም ዝተሰናደወ ዳስ አምሪሑም ብምእመናን ቍምስና ዝተዳለወሎም መኸፈልቲ ተቐደሱ። ድሕሪ ሓጺር ዕረፍቲ ከአ መደብ ጸሎትን አስተምህሮን ብመቍጸርያን ስግደትን ጀሚሩ።

አስዒቦም ከአ አባ ባህልቢ እድሪስ ማኅበር ንኡሳን አኃው ካቸቺኒ፡ "ንስሓን ቅ.ቍርባንን" ዝብል ሃናጺ አስተምህሮ ንነጋ ድያን አስምዑ። አባ ባህልቢ ከም መእተዊ አስተምህሮኦም፡ ዕላማ ንግደት ምስ ጐይታ ናብ ቤት አምላኽ ምጉዓዝ ኢዩ። ምስ ጐይታ እንተ ደአ ንጐዓዝ ኰይንና ዝኾነ ይኹን ፈተና ሽግር እውን እንተ ገጠመና አይንጠፍእን ኢና። እቶም ብመርከብ ምስ ጐይታ ዝጐዓዙ ዝነበሩ ሓዋርያት ማዕበል ምስ ተላዕለ ናብ ጐይታ ብምእዋይ ድኒኖም። እቶም ተስፋ ቆሪጾም ንምዕራብ አቢሎም ዝጐዓዙ ዝነበሩ አርድእቲ ኤማሁስ ጐይታ ምስኦም ይጐዓዝ ስለዝነበረ አንፈት ጉዕዞኦም አቅንዓሎም። ምስ ጐይታ እንተደአ ንጐዓዝ ኰይንና ብርግጽ ናብ ቤቱ ኬብጽሓና ኢዩ። አብ ቤት ጐይታ ብሐደ ቆይምና፡ ተንበርኪኽና፡ ከነምልኾን ክንሰግደሉን እንከሎና ክን ደይ ሠናይ ኢዩ። ብግዜ ልደት ጓሶት ከምኡ እውን ሰብአ ሰገል ዝገበሩዎ ጉዕዞ ኢና ንፍጽም ዘሎና። ብስግደትን አምልኾን ዚድምደም ጉዕዞ።

ቅ.ዳዊት ናብ ቤት እግዚአብሔር ንኺድ፡ ምስ በሉኒ ተሓጐስከ ። ከም ዝብሎ አብ ካልእ ምዕራፍ ከአ አብ ቤቱ ምንባር ክሳብ ክንደይ ሠናይ ምኺኑ እንክገልጽ "ካብ አብ ካልእ ሽሕ መዓልቲ ሓንቲ መዓልቲ አብ አጸድካ ትሓይሽ እያ እሞ፡ አብ ድንኳን ረሲአን ካብ ምንባርሲ አብ ቤት አምላኸይ ሓላው ደገ ምኺን ይሔሽኒ" ይብል። ቅ.ጳውሎስ ብወገኑ ብዛዕባ አብ ቤት አምላኽ እንክዛረብ መግለጺ ከምዝሰአነሉ ይሕብር "ልቢ ወዲ-ሰብ ኃሊኑዎ ዘይፈልጥ፡ እዝኒ ወዲ-ሰብ ሰሚዕዎ ዘይፈልጥ፡ ዓይኒ ወዲ ሰብ እውን ርእይዎ ዘይፈልጥ" አዝዩ ዘገርም ምኺኑ ይሕብር። አብ ደብረ ታቦር ከአ ሓዋርያት አብዚ ምንባር ጽቡቕ ኢዩ ከ ምዝበሉ ጠቒሶም፡ ብዛዕባ ንስሓ አመልኪቶም ድማ አባ ባህልቢ

ኢየሱስ ንድኅነትና ኢሉ ምሥጢረ ንስሓ ሠሪዑልና አሎ። ንስሓ ክበሃል እንከሎ ብርእሱ ውሽጣዊ ጉዕዞ ኢዩ፡ ካብ እከይ ናብ ሠናይ፡ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን፡ ካብ ጽልኢ ናብ ፍቕሪ፡ ካብ ትዕቢት ናብ ትሕትና፡ ካብ ኃጢአት ናብ ጽድቂ፡ ገጽካ ምስግጋር ኢዩ። እዚ ካብ አሥመራ ክሳብ ባረንቱ ዝገበርናዮ ጉዕዞ ነቲ አ ብ ውሽጢ ልብና ዝተፈጸመ ጉዕዞ ዜመልክት፡ ከም ሰብ ኤማሁስ፡ ከም ሰብአ ሰገል ወዘተ ንኢየሱስ ንምርካብ ኢዩ። አ ብዚ ንግደትና ንኢየሱስ፡ ርኢናዮ፡ ረኸብናዮ፡ ሰገድናሉ፡ ክንብል ክንበቅዕ አሎና ኢሎም።

አስዒቦም ብዛዕባ ምፍራድ፡ ሕነ ምፍዳይ፡ ምሕረት ዘይምሃብ ተን ቲኖም ገለጹ። ናብቲ ካልኦይ ሓሳብ አስተምህሮኦም ብዛዕባ ቅ.ቍርባን ድማ፡ ሰብ ምስ ተጠመቀ ውሉድ አምላኽ ይኸውን። ስለዚ አብ መአዲ ቅ.ቍርባን መአዲ ምስ ደቂ አምላኽ ተሳታፊ ይኸውን። ዓቢይ ኃጢአት ዝገበረ ሰብ'ውን ብንስሓ ናብ አምላኽ እንተዘይተመሊሱ አብ መአዲ ቅ.ቍርባን ክሳተፍ አይክእልን ኢዩ። ኢየሱስ ንሓንቲ ሰበይቲ "እንጌራ ደቂ ነኽላባት አልዒልካ አይወሃብን ኢዩ" ይብላ። ከልቢ ማለት ብመንፈስ ዘይተወልደ ማለት ኢዩ። ሰብ ብመንፈስ እንተዘይተወሊዱ ከም እንስሳ ኢዩ። ከምቲ ከልቢ ወይ እንስሳ ብሥጋ ዝተወልደ ከምኡ ኢዩ። ስለዚ ሰብ ብመልዕልተ ባህርያዊ መንገዲ ከውለድ ብግዲ የድልዮ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ክውለድ ብግዲ የድልዮ። ሐደ ሰብ ቅ.ቍርባን ተቐቢሉ ብዙኅ ዘይግደስ ማለት ከምዚ ወላ ሓንቲ ከም ዘይተቐበለ ኰይኑ ዚስምዖ እንተ ኰይኑ፡ ዳርጋ ከም ሓ ሰማ ኢዩ። ኢየሱስ ተመሊሶም ከይነኽሱኹም ቅዱስ ነገር ነኽላባት አይትህቡ። በእጊሮም ከይረግጽዎ ድማ ሉልኩም አብ ቅድሚ ሓሳሙ አይትደርብዩ" ይብለና። ኪሎ ወርቂ እንተንቕበል ክንደይ ተጠንቂቕና ምሓዝናዮ። ቅ.ቍርባን ክን ቅበል እንከሎና ድአ ክንደይ ክንጥንቀቕ ዘይግብአና፡ ብምባል ነቲ ብብዙሕ አብነታትን ዛንታታትን አሰንዮም ዘቕረብዎ አስተምህሮ ዛዘሙ።

ስዒቡ መደብ ኑዛዜ፡ ስግደት አብ ቍዱስ ቍርባንን ምህለላን ተገይሩ ብቡራኬ ናይቲ ዕለት መደብ ተፈጺሙ። ነጋድያን ብምእመናን ቍምስና ኪዳነ ምሕረት ባረንቱ ዝተሰናደወሎም ግሩም ድራር ምስ ንጡፍ አገልግሎቱ ተኻፊሎም ነናብ ዝተዳለወሎም መዕረፊ ቦታታት ተመረሐም።

ናይ ሰንበት መደብ ብፁዕ አቡነ መንግሥተአብ ብ20 ካህናት ተሰንዮም ዝመርሕዎ፡ ነጋድያንን ምእመናን ቍምስና ኪዳነ ምሕረት ባረንቱን ከአ ብሓባር ዝተሳተፍዎ በቲ ዓንዲ ሕቆ ሥርዓተ አምልኾና ዝኾነ መስዋዕተ ቅዳሴ ኢዩ ጀሚሩ።

ቅ.ወንጌል ብትግርይናን ኩናማን ምስ ተነበ አብ እዋን ስብከት ከአ ህዮንተ ጳጳስ አባ ሉቃስ ባርዛኖ፡ ብፁዕ አቡነ ቶማስ ዑስማን ጳጳስ ዘመንበረ ባረንቱ አብ መገሻ ስለዝርከቡ ንእኦም ወኪሎም አብ ስብከቶም፡ ክቡራት ኢጋይሽና ንአምላኽ ክብርን ወዳሴን አምልኾን ይኹን " ብሩኽ ዘይመጽእ በስመ እግዚአብሔር"

ካብታ አደ ኩለን ሰበኻታት ዝኾነት ኤጻርቅና ኣሥመራ፡ እንቋዕ ብመንፈስን ንስሓን ብሕውነት ብድሓን መጻእኩም። ብስም እግዚአ ብሔር ዝመጻካ ጋሻ ብሩኽ ክሱ ቡራኬ የምጽኣልካ። ንሽኹም ድማ ጸሎት ክተዕርጉን እምነትኩም ክተማዕብሉን ስሬት ሓጢኣት ክትረኽቡን፡ ሓድነት ክርስትና ክትምስክሩን ትመጹና ዘሎኹም ነጋድያኑ-እምነት እምበር ማንም ጋሻ አይኮንኩምን። ስም እግዚአ ብሔር ይቀደስን ይባረኽን ብስሙ ትመጹና ዘሎኹም'ውን ብሩኻን ቅዱሳንን ኩኑ። ደስ ይበልኩም ደስ ይበለና።

ብስም እግዚአብሔር ዝመጹ ሰባት፡ አምላኽ ሒዙምን፡ ከማኡ ድማ ኵሉ ንሱ ዘለዎ ህያባትን ሰናይን ጽቡቅን ሒዙም ኢዮም ዝመጹ። ስም እግዚአብሔር ከአ ጸጋ፡ ሰላም፡ ቅድስና፡ ሓይሊ፡ ምሕረት፡ ጽድቂ፡ ክብሪ ድሕነት ኢዩ። ኃይሊ ስሙ ዓቢይ ኢዩ፡ ብስሙ ኢና ድሒናን ንድሕንን ስሙ ቅዱስ ኢዩ፡ ብጭፍራ ሱራፌልን ኪሩቤልን ብቅዱሳንን መላእኽትን ወትሩ ይውደስ። በዚ ምኽንያት ነዚ ኢዩ ኩልና አብ ስም እግዚአብሔር እምነትን ተስፋን ንገብር፡ ኵሉ ዓወትን ሰናይን ንረክብ። ክንውድሶን ክነመስግኖን ክነልዕሎን ብኣኡን አባኡን ክንሕጎስን ከአ ንርከብ። ብኃይሊ እዚ ጥዑም ስም ኢኹም ዝመጽእኩምና። ንግደትኩም እምበኣር ናይ እታ ዓብይ ስም ተቃልሕ ኤጻርቅና ኣሥመራ፡ ን ሕና ከም ዓቢይ ዕድል ጌርና እንርእዮን፡ ተሓጉስናን ተዓዊትናን ከም ንቅበሎን ርዱእ ኢዩ። እዚ ንግደት'ዚ ንዓኩም ምኽንያት መሰሰኒ እምነትን ስርየት ሓጢያትን ክኸውን እንከሎ፡ ንዓና ድማ ምኽንያት ሓድነትን ምትብባዕን ሕብረትን ሕውነትን ኮይኑ ይርከብ ኣሎ።

መንፈሳውነት ዝመልኦ መገሻ፡ ተባዕ እምነት ዝምስክር ጉዕዞ አብ ንስሓ ዝተመርኮሰ ንግደት፡ ሕውነት ዝዓሰሎ ምብጻሕ፡ ኩሉ ሻብ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ዝዓሰሎን ኢዩ። ስለዚ ከምቲ ኤልሳቤጥ ብምክንያት ምብጻሕ እኖና እግዝእትነ ማርያም መንፈስ ቅዱስ ዝመልኣ እሞ፡ ብዓቢይ ድምጺ ሰላምታኣ ዘቕረበትላ፡ ንሕና'ውን

ብጊደና እዚ ምብጻሕኩም ካበይ ዝመጸና ጸጋን ዕድልን ኢዩ እናበልና ንቅበሎ። ምብጻሕ ቅዱሳት ሰባትን ማሕበርን ዕዙዝ ጸጋን በረኸትን ራሕስን ሓዲጉ እዩ ዝሓልፍ። ኣቦና አብርሃም ቅዱሳት ኣጋይሽ ምስ ተቀበለ'ዶ አይኮነን ሓድጊ ዝረኸበን ኣቦ ኩሎም አመንቲ ክኸውን ዝበቕዐን። ሓዋርያ ያዕቆብ አብ መልእኽቱ ከም ዝብሎ "ርሃብ እታ አመንዝራ፡ አብ ያረኮ ልኣካት እስራኤል ምስ ተቀበለት ንጽድቂ ተቆጸረላ"። አብ መልእኽቲ ናብ ዕብራውያን'ውን "ኣጋይሽ ምቅባል አይትረስዑ፡ ከመይ ንገሊኣቶም፡ ከይፈለጡ ንመላእኽቲ ከም ኣጋይሽ ዝተቀበሉ ኣለው" ዝብል ጽሑፍ ኣሎ።

ብስም እግዚአብሔር ትመጹና ዘሎኩም ክቡራን ነጋዲያን ብሩኻትን ምጉሳትን ኩኑ። ንግደትኩም ንግደት ኣበውን፡ ቅዱሳንን፡ ንግደት ኢየሩሳሌም ቅድስቲ፡ ንግደት ጽኑዕ እምነትን፡ ንግደት ሙሉእ ስርየተ ሓጢኣትን ይግበረልኩም። እግዚአ ብሔር ከምቲ ንኣብርሃም " ብኣኻ ኩሎም ኣህዛብ ክባረኹ እዮም" ዝበሎ ከማኡ ብኣኹምን ብንግደትኩምን እግዚአብሔር ኤጻርቅናናን ሕዝብናን ይባርኸልና፡ ሰላሙ ይሃበና፡ ምሕረቱ የውርደልና። ንዓኹም ድማ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብዚ ቤተ መቕደስ እኖኡ ኪዳነ ምሕረት ኮይኑ ብቆላሕታ ምሕረቱ ርኢዩ፡ ጸጋኡን ሰላሙን በረከቱን ይዓድልኩም። ንስሓኹም ተቐቢሉ እምነትኩም የሰስነልኩም ቢሎም ሠናይ ምንዮቶምን ትርጉም ንግደትን ገለጹ።

ቀጺሎም አባ ሉቃስ ባርዛኖ ብዛዕባ ትርጉም ንግደት፡ ብዛዕባ አብ ወንጌል እንረኸቦም ብእምነትን ዝተመስከረሎምን ብእምነቶም ዝረኸብዎ ምሕረትን ፈውስን፡ ከምኡ'ውን ብዛዕባ እምነትን ሰርየት ኃጢኣትን፡ ብዛዕባ ክበድ ኃጢኣትን አድላይነት ንስሓን ብሰፊሑ አረድኡ።

አብ መወዳእታ ከአ መንፈሳዊ ዓድና መንግስተ ሰማይ፡ መን ገድና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ዕላማና እግዚአብሔር ኣቦና፡ ምኺኑ ክንርስዖ የብልናን። ጊዜና አብ ናይዚ ዓለም ነገራት ከይ ነጥፍኦ ከይንዝንግዕ፡ ዕላማና አብ ሃብቲ ናይዚ ዓለም'ዚ ጣዕሙን ከ ይነንብሮ ንጠንቀቅ፡ ምስ ክርስቶስ ጐይታ ክንዓዝ ዚደሊ፡ ጊዚኡ አብ መዘንጊዒ ዝኾነ ነገራት ከጥፍእ አይደልይን ኢዩ። አምላኽ እምነትኩም ፈጺሙ የድልድለልኩም፡ ገጸ ምሕረቱ አብ ልዕሊኩም ዘንጸባርቅ ይግበሮ። ልመናኹም ሰሚዑ፡ ኩሉ ልብኹም ዝም ነዮን ዝጽበዮን ሃብቲ ጸጋኡ ይዓድልኩም።

ንኹልና ድማ እዚ ዓመተ እምነት ዓመተ ሕውነትን ሰላምን ሪህዋን ሺሻይን ይግበረልና፡ ክረምትና ይባርኸልና፡አምላኽ ብምሕረቱን ብመላእኽቱን የሰንኩም ብሰላም ተመለሱ። ዘጉደልናዮ እንተሎ እምላኽ ባዕሉ ብሃብቱ ይመልኣዮ። ብስም ኣቦና ኣ ቡነ

ቶማስ'ውን ሰላምታን ሰናይ ምንዮትን ምስ ጋናን ክቅርበልኩም እፈቱ። ነዛ ሰበኻና ዓሚ 100 ዓመት ህላዊኣ ዘኽበረት ቀዳማይ ሲኖዶስ ኣዊጃ ትቅረበሉ ዘላ፡ አብ ጸሎትኩም ክትዝክርዋ እልምነኩም። ሰላም ወሰናይ ቢሎም ስብከቶምን ምረቓኦምን ኣቕረቡ።

አብ መወዳእታ ቅዳሴ ከአ ብዑዕ ኣቡነ መን ግሥተአብ ብስሞምን ብስም ነጋድያንን ን ግደትና፡ ምብጻሕና ብእምነትና ንሓድሕድና ምእንቲ ክንበራታዕዩ ቢሎም በቲ ኩሉ ብሰበኻ ባረንቱ ዝተገብረ ናይ ኣሕዋት፡ ናይ አመንቲ አቀባብላን ሓልዮትን እግዚአብሔር ይሃበልና (ኣዳ አና ሜሶ) ቢሎም፡- ትርጉም ቃለ ምስጋናኦም ከአ ብኣቶ ገብርኤል ጋሻይ ኣቦ መንበር ቤት ምኽሪ ምእመናን ንሕዝቢ ተደጊሙ። አብ ግዜ ቍርሲ'ውን ካብ ሰበኻ ኣሥመራ ብኣባ ኃይለ ጳውሎስ ካብ ሰበኻ ባረንቱ መም. ሚካኤል ገብሩን ናይ ሓጐስን ምስጋናን ግጥምታት፡ ከምኡ'ውን ብኣቶ ተኸስተን ኣቶ የማነን ካብ ምእመናን ሰበኻ ኣሥመራ በቲ ኩሉ ይበል ዘብል ኣቐባብላን እንግዶትን ሰበኻ ባረንቱን ብዑዕ ኣቡ ነ መንግሥተአብ ምስ ምእመናን ብኣውቶብስ ብምካድ ዝሃብዎ ኣብነትን መሪሕነትን ጉስነትን ቃለ ምስጋና ተሰሚዑ፡ ምእመናን ሰበኻ ባረንቱ ከም ብድሮ አብ ምፍናው'ውን ብባህላዊ መንፈሳዊ መዛሙርን ሳዕሲዕትን ክሳዕ ጽርግያ ንነጋድያን ኣፋ ነው።

ናይ መወዳእታ መደብ ነጋድያን ምብጻሕ አብ ደብረ ቅ.መስቀል መንበረ ጵጵስና ሰበኻ ባረንቱ ኢዩ ዝነበረ፡ አብኡ'ውን ካብቲ ከባቢ ብእግሪ ተጓዒዞም አብኡ ጸሎት ዓመተ እምነት አብጺሖም ንግደቶም ብሓጐስ ተስፋን ፈጺሞም ነሥመራ ብሰላም

ንግደት መንእሰያት

ከም መቐጸልታ ናይዚ ብምኽንያት ዓመተ እምነት፡ እምነት ንምብርባር ካብ ሰቦካ ናብ ሰቦካ ካብ ቍምስና ዝግበር ዘሎ ንግደት ዓመተ እምነት ንግደት ስርየት ኅጢአት ዝሐለፈ ሰንበት 10 ነሓሰ'ውን መንእሰያት ሰቦካ አሥመራ ብጳጳስ ሰቦካኦም ብፁዕ አቡነ መንግሥተአብ ተስፋማርያምን ቆሞሳትን አለይቶምን ተመሪሖም ናብ ደብረ ቅ.ሚካኤል ሰገነይቲ ብንስሓን ብአስተንትኖን ብጸሎትን ትምህርትን ዝተሰነየ ዕዉትን ሕጉስን ንግደት አካይዶም።

ነጋድያን መንእሰያት ሰንበት ወጋሕታ ከካብ ቍምስናኦም ተበጊሶም፡ በብዝመጹዎ ካብ ቍምናታት ሊቀ ካህናት መን ደፈራ፡ ካብ ቍምስናታት መንበረ ሊቀ ካህናት ከባቢ አሥመራ፡ ካብ ባጽዕን አሥመራን አብ 14 ሚኒባሳት ተጠር ኒፎም ዝመጹ መንእሰያት አብ ምእታው ከተማ ሰገነይቲ ተአ ኻኪቦም ብመስርዕ እናዘመሩ ብእግሪ ተጓዒዞም አብ ከባቢ ርእሰ አድባራት ደብረ ቅ.ሚካኤል ሰገነይቲ እንኪበጽሑ ብፁዕ አቡነ ፍቕረማርያም ሓጎስ ጳጳስ ዘመንበረ ሰገነይቲ፡ ቆሞስ አባ ሙሴ ሚካኤል ምእመናን ደብረ ቅ.ሚካኤል አብ መን ገዲ ብዕልልታን ብመዘሙርን መስቀልን አምሪሖም ተቐበልዎም።

አብ ቤተክርስቲያን ምስ በጽሑ ከአ ብፁዕ አቡነ ፍቕረማርያም ሓጐስ ብምኽንያት ዓመተ እምነት አብዚ ሓዲሽ ሰቦካ ክት ነግዱ ምምጻእኩም ንአና ዓቢይ ጸጋን በረኸትን ኢዩ'ሞ እንቃዕ ድሓን መጻእኩም ንግደትኩም ይቐበለልኩም ቢሎም ሠናይ ምንዮትም ድሕሪ ምግላጽ፣ ብዛዕባ" ምስጢረ ንስሓ" ንመንእ ሰያት እዋናዊ አስተምህሮ ሃቡዎም።

ብፁዕ አቡነ ፍቕረ አብቲ ብዝተፈላለየ ጥቕስታት ቅ.መጽሓፍ አሰንዮም ዘቕረብዎ አስተምህሮ ብፍላይ ናይቲ አብ ወንጌል ሉቃስ ዝርከብ ታሪኽ ጥፉእ ወዲ አንቢቦም መዝገበ ሃይማኖት ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ቍ. 1427 ጠቂሶም ብዛዕባ ናይ ንስሓ ትርጉም እንኪገልጹ ንስሓ ከምቲ ናይቲ ጥፉእ ወዲ ካብ ሞት ናብ ሕይወት ምጉዓዝ፡ ንስሓ ካብ ጊጉይ መንገድኻ ናብ ሓቐይና መስመርካ ምምላስ፡ ንስሓ ምስ አምላኽናን ብጻይናን እንዕረቐሉ ምሕረት እንረክበሉ ምስጢር ኢዩ። ኢየሱስ'ውን አብ መጀመርያ ስብከቱ "ተነስሑ ብወን ጌል ከአ እመኑ" ይብለና። ከመይ እምነትን ንስሓን ኢዩ ናብ መንግሥቲ አምላኽ ዘብቅዓና። ክትንሳሕ ቅድም እምነት የድሊ። እምነትና'ዩ ናብ ንስሓ ዝመርሓና። እምነት እን ተዘይብልና ክንሳሕ፡ ንእግዚአብሔር ክንደልን ክንፍቅርን ትእዛዛቱ ክንሕሉን እታ ፍጽምቲ ፍቕሩ ክንርዳእን አይንክእልን ኢና፡ ብምባል ናይ ንስሓን እምነታትን አገዳስነት ብሰፊሑ ገሊጾም።

አስዒቦም'ውን ብቐዕ ኑዛዜ ንምግባር ዘድልዩ ሓሙሽተ ነገራት ማለት ኃጢአትካ ምሕሳብ፡ ቍርጺ ፍቓድ ምግባር፡ ኃጢአትካ ምንዛዝ ቆኖኖኻ ምፍጻም በብሓደ ገሊጾም መዝሙር ንስሓ መዝሙር ዳዊት ምዕራፍ 51 አጸልዮም አብዚ ዓመት እን ገብሮ ንግደትን መንፈሳውነት ንስርየት ኃጢአት ክንጥቐመሉ አዘኻኪሮም አስተምህሮኦም ዛዘሙ።

ድሕሪ አስተምህሮ ብፁዕ አቡነ ፍቕረ መደብ ምስጢረ ኑዛዜ እንኪቕጽል አስተንትኖን መዝሙርን እናተገብረ ነጋድያን አብ ዓሰርተ አርባዕተ መናዘዚ ቦታታት እናከዱ ንስሓኦም ፈጸሙ። ሰዓት ቅዳሴ ምስ በጽሔ ከአ ኑዛዜ እናቐጸለ ብብፁዕ አቡነ መንግሥተአብ ምስ ሸውዓተ ካህናት ዝመርሕዎ መስዋዕተ ቅዳሴ ተጀመረ። አብ እዋን ስብከት ብፁዕ አቡነ መን ግሥተአብ "መንእሰይን ናይ እምነት ጉዕዞኡን" ብዝብል አርእስቲ አብ ዘቕረብዎ አስተምህሮ መንእሰያት ዝገብርዎ መንፈሳዊ ጉዕዞ ካብ ናእሽቱ ብመንፈጠረና ይጅመር ቀጺሎም ቅ.ቍርባን፡ ሜሮን ይቕበሉ፡ ቀጽሉ ከአ ብትምህርተ ክርስቶስንን መዝሙርን እናበለ ይቅጽል። አብዚ ጉዕዞዚ ግና ፍልጠት ጥራሕ ዘይኮነ እቲ እምነት'ውን ክዓቢ አለዎ። እቲ አብ ጥምቀትና ዝተዘርአ እምነት ምስ ዓበና ናትና ክንገብሮ፡ ነቲ ወለድኻ አቦ/ እኖ ልገ ዝበልዎ" ነቲ ክፋእ "እኽሕድን" ን አምላኽ "እአምንን" ባዕልና ክንብሎ አሎና። ጥርጥር አወጊድና "ከም ቶማስ ሓዋርያ" ጐይታይን አምላኸይን" ክንብል ምስ ቅ.ጳውሎስ ኰይና ከአ "እምነተይ አብ መን አውዲቐዮ ከም ዘለኹ ስለዝፈልጥ አይሓፍርን'የ" ክንብል ይግባእ።

ቀጺሎም አቡነ መንግሥተአብ ነተን "አፍደገ እምነት እትብል መልእኽቲ ሊሂቅ ር.ሊ.ጳ አባ በነዲክቶስ ነታ "ብርሃን እምነት" እትብል መልእኽቲ ር.ሊ.ጳ አባ ፍራንቸስኮስን ከምኡ'ውን ነቲ ር.ሊ.ጳ. አብዚ ቀረባ እዋን ምስ መንእሰያት አብ ብራዚል ዝገበርዎ ኣኼባን ዘኪሮም እምነት መንገዲ ድኅነት ምኺና፣ እዚ ጸልማት ዝበዝሖ ጉዕዞ ዓለም "ኢየሱስ ኣነ እኸኹ ብርሃን ዓለም" ስለዝበለና ብዘይ ብርሃን እምነት ክንጐዓዝ ከም ዘይኽኽእል፡ ንእምነት ክንርድኦ ከአ ተግባራዊ ነገራት ማለት ጸሎት ምስ አምላኽ ዝግበር ተዋስኦ ስለዝኮነ ዝአምን ይጽሊ ጸሎት ድማ ንእምነትና ተደልድላ፡ እምነትና ከአ ናብ ጸሎት ትመርሐና። ምስጢራት ብመንፈሳውነት ምቅባል ድማ ድልድል እምነት ክህልወና ይገብር። ዝያዳ እምነትና ከነዕቢ ከአ ቃል አምላኽ ክንሰምዕ ትምህርቲ እምነትና ክንፈልጥ፡ ን እምነትና ብግብሪ ክነስንዮ ይግባእ። አብዚ ዘመን ፍልሰታ ዘለናሉ እዋን ከአ ነታ "ነቲ ዝተነግራ ዝአመነት ብርኽቲ እያ" ዝተባህለት ከምቲ ናታ እምነት ክህበና ንአምላኽ ንለምን ቢሎም አባታዊ ቃሎም አስምዑ።

ብድሕ'ዚ አብ አዳራሽ መደብ ምሳሕ ምስ ተኻየደ ካብ ሰቦካ ሰገነይቲ ክቡር አባ ሰሎሞን መሓረና እቲ ንግደት መንእ ሰያት ምስቲ ምብጻሕ እግዚእትነ ማርያም ንቅ.ኤልሳቤጥ አተሓሒዞም እታ ወላዲት ሰቦካ አሥመራ ንውላዳ ሰቦካ ሰገ ነይቲ ክትብጽሕ ከአ ዓቢይ ናይ እምነት ምስክርነትን ግብራዊ ስብከተ ወንጌልን'ዩ። መንእሰያት ከአ ቤተክርስቲያን ን ሰኻትኩም ኢኹም። ከምዚ ዝበለ ምብጽጻሕ ኪቅጽል ይግባእ ቢሎም አተባቢያም። አብ መወዳእታ ከአ ብፁዓን ጳጳሳት ብፁዕ አቡነ መንግሥተአብ ካቶሊካዊ ምኺን አብ ዝኸድካዮ ገዛካ ትረክብ፡ አብ ምሉእ ዓለም ዘለው ካቶሊካውያን ብቋንቋ፤ ብሕብሪ፡ ብባህሊ እኳ ዝፈላለዩ እንተኾኑ አብ ዝኸድዎ ግና ኃዎም ይረኽቡ አይጋየሹን፡ ንሕና ከአ ጽቡቕ ተቐቢልኩምና አብ ገዛና ኢና ዊዒልና ቢሎም እንከመስግኑ፣ ብፁዕ አቡነ ፍቕረማርያም ብወገኖም ንሕና'ውን ተኻፈልቲ ጸጋን በረኸትን እዚ ንግደትኩም ኢና፡ እግዚአብሔር ይሃበልና ቢሎም ቃለ ምስጋናኦም ብዘቕረቡ ብናይ ክልቲኦም ቡራኬ እቲ መደብ ተዛዚሙ።

ንግደት ሕጻናት

ብቀዳም ዕለት 31 ነሓሰ 2013 ብምኽንያት ዓመተ እምነት ንግደት ሕጻናት ናብ ርእሰ አድባራት ኪዳነ ምሕረት አሥመራ ካብ ነፍሲወከፍ ቍምስና ዝመጹ አስታት ሰለስተ ሽሕ ዕድመኦም ካብ 7-14 ዝኾነ ሕጻናትን ቆልዑን ብአቡነ መን ግሥተአብ ተስፋማርያም ዝዓረገ መስዋዕተ ቅዳሴን ስብከትን ድራማን መዛሙርን ከምኡ'ውን አስተምህሮ ብዛዕባ ቅ.ፊሊሞና ብአባ ኃይለሥላሴ በየነ ዝሓዘ መደብ ተኻይዱ። ሕፃናት ከአ በቲ መደብ ሕጉሳት ነይሮም።

ንግደት ምእመናን - ንባረንቱ

ንግደት መንእሰያት - ንሠኻኒይቲ

ንግደት ሕፃናት - ኣሥመራ

ንግደት

(አብ ንግደት ባረንቱ ዝቐረበ ግጥምታት)

እወ እዚ ንግደትና ብዓይኒ ተዓዘብቲ
ፍሉይ ነገር ኢዩ ዘይብሉ መዳርግቲ
ምህልላ ዝዓዘዞ ናይ ኣዴታት ኣንስቲ
አብ ሞንጐኦም ከአ ኣቡናት መራሕቲ
ንኩሉ ዘሳትፍ በብሓንቲ።

ዝተዓዘቡይብሉ ኣንታ እዚ ሰብ ናበይዩ ዝጓተት
ብሓጋይ ዘይኣኽሎ መገሻ ንንግደት
እሞ ከአ ብክራማት ጊዜ ማሕረስ ማእቶት
ክራማት ዘይተጻዕሮ ደኣ ዘይርከብ እቶት
እንታይ ኢዩ ደኣ ዝብልዖ እታ ጥምየት ምስኣቶት

ነዚ ዝሰምዔ ዓርኩ ዓርከይ ይትረፍካ ቃላት እንኪሒራ፡
ንነፍሲ ከአብ ሕለየላ ምሳሓ ድራራ
ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንሥጋ እንተጽዒራ
ዝናብ እንተ ፈሲሱ ግራት ልቢ እንተጌራ
ሕልፍን ትርፍን ቀለብ ዓመት ስድራ
ኣንታ እቲ ቀደምሲ ነፍሲ ክብርቲ'ያ ነይራ።

እቲ ሓደ ከአ መሊሱ ኣንታ ስማዕባ ቀሩብ ሕሰብ
ሓራት (ታታ) ተጻዒኑ እዚ ኩሉ ሰብ
ካብ ከበሳታት ወሪዱ መታሕት ኪርከብ
ዳሓር ከአ እንደገና ነቲ ዝወረዶ ኪድይብ
ክልተ መዓልቲ ልኹት ዕርብ
ንምንታይዩዚ ኹሉ እንታይዩ'ቲ መክሰብ
ካንድዩ ተሳኢኑ ዝብል ዓገብ ዓገብ።

ብፍላይ ናይዞም ካቶሊክ ጽላለ ድዩ ዕብዳን
እንታይ ኢዩ ላዕሊ ታሕቲ ተቶኽዲንካ ክዳን
ኮፍ ቢሎም ዘይሓሰቡ ዘየውጽኡ ፕላን
ናብራኦም ዘይመርሑ ብዓመታዊ ውጥን
አብ ዘጥፍኡዎ ጨኒቐዎም እዚ ገንዘብ ቫቲካን
ዝብል ይወሰኹሉ ሓደ ክውን ዝበለ ደሓን።

ጽንሑኒ በሉ ነዚ ክህቦየ መልሲ
ደው ከብሎየ እሞ ክብሎ ወደሺ ወደሺ

እዚ ክትብሎ ዝጸናሕካ እንህለ ዳኣሲ
ቀሩረጾሞ እቲ ፍሪዝካ ኣሕጽሮቲ ጋዕሲ
ብጉዳይ ሥጋኻ ክትሓስብ ኣይትሕደር ኣይትምሲ
ምስ ሞትካ ሥጋኻ ምስተደርበየ አብ ጋህሲ
እንታይ ኪኸውንዩ ዕጫኣ እታ ተካል ነፍሲ።

ሽዑ እዚ ቃላተይ ልቡ እንተ ወጊኡዎ
ጥቕስ ክብልዩ ኪሓስብ ጉዳዩ ከቢድዎ
ከሰላስል ኪጅምር ጉዳይ ነፍሲ ዝብልዎ
ከምኡ እንተደኣ ገይሩ'ሞ ኣካ እዝጊ ሂብዎ
በዛ ዕሽነቱ ገኒሑ ተዓሪቑዎ

ብኣንጻሩ እንተቸይኑ ዳሓን ልቢ ኣልቦ
ፍጹም ከየስተወዓለ ዝብሎ ዝዛረቦ
ዕንድር ከውዕልዩ ክሳብ ጸሓይ ዝዓርቦ

ነዚ ከምዚ ዝበለሞ መን ኪቐርቦ
ኣሕዋት ረቢ ይሃሽኹም ኣላዝቦ

ብገለ ርኸቡሉ ጸበል ኣደገልቦ
ንምሽቱ ኪረክብ መዓልቦ።

በሉ ሃየ ኀኺድ ንግደትና ንቐጽል
መንእሲያት ብመዝሙር ኣዴታት ብዕልል
ይትረፈና መስተ ብሸክራን ሕምብሊል
ገረብ እምነትና ኀኸስኩስ ጨንፈራ ኪጠልል
አብ ቅድሚቲ ፈራዲ ክትኮነና ጽላል
ምስ ውዕታት ክንደፍእ ሰማያዊ ኣኽሊል።

ኣንታእዚ ዓመት እምነት ሕሉፍዩ ኣብዛ ሃገር
ዘስደምም ነገርዩ ኣዚዩ ዘስተንክር
ወዲ ከበሳ ወሪዱ ኣብቲ ቆላ ሃሩር
ወዲ መታሕት ይርከብ አብ ከበሳ ኪቆርር
ኣብምንት ምንታዩ እዚ ኩሉ ሓሳር
ጸማ ብሂጉዩ መንፈሳዊ ድራር
ንዊሒ ናይቲ ጉዕዞ ብግቡእ እንተዝሰፈር
ብዘይ ምግናን ምኾነ ካብ ራስ ዱሜራ ንቄሳር

እስከ ኪሓተኩም ብወግዒ ብጣግማ
እንታይዩ እቲ ድራር ኣበይ ኣሎ እቲ ጻማ
ናብ ቱሪስት ተለዊጥና ጸልዩና ዓውሎማ
ክሳብ ክንድዚ'ዶ በጺሑዩ፡ እዛ ሃገር ዓቕማ
ሓንሳብ ሓንሳብ ሓወይ ኣይፈለጥካን ሕማማ
ካብ መንደፈራ ባጽዕ አብ ምድሪ ኩናማ
ቁሩብሲ ኣለዎ ኣስተውዕል ድኣ ኣለዎ ዕላማ

ዘገርም በዓል ደቂ ጊዜ ከአ ሕልፉ ክብሉ
እዚ እትነግዱዎ ዘለኹም ኩሉ ኩሉ
ናይ ድሕረት ምልክትዩ ፍጹም ጥቕሚ ዘይብሉ
እዚ ሰማያዊ ሕይወት እትብልዎ ይሃሉ ኣይሃሉ
ሃይማኖት እንዳበልኩም ሰባት ተታልሉ
ነዚ ምዕባለና ይዓግቶ ከይህሉ
ሓደራ ሓደራ ዳግም ሕሰብሉ
ዳብበላ ዘረባ ብጥቅልሉ።

አንታ ዘረባ ደቂ ሎሚ አይእረ አይሕፈስ
ዘረባስ ዘረባዩ ሕደግዎ ይፍስስ
ንሕና ብንሕና ኢና አይንዋቐስ አይንካስስ
ንሳሕ ደአ ንጠዓስ ንመለስ
አዕይንትና ናብ ውሽጥና ንጥቀስ
ብከምዚ ኢዩ ጻማ ንግደት ዝሕፈስ።

ብፍላይ (ተማሃሮ) መንእሰያት ዝበሃለኪ ስምዒ
ጸልያ፡ ተማህለላ፡ ፍቓድ አምላኽ ምልአ
ብህድአት አስተንትና መብጽዓክን አጽንዓ
አሰርክን ክትስዕብ እታ እትዓቢ ቆልዓ
ከምኡውን አወዳት ዝበሃለኩም ስምዑ
ብዘይ ሸለልትነት በርቲዕኩም አጽንዑ
ተማህለሉ ደኸሙ ንሰማይ ክትብቍዑ
አርኣያ ኩንዎም ነዞም ዝዓብዩ ቆልዑ።

ንግደት ኢየሩሳሌም ይግበሮ።
አባ ኃይለ ጳውሎስ

ቤት ጸሎት ቤት በረኸት

እንቃዕ ብሰላም መጹ
ልብና ናሳኹም ሃጺጹ
ፈለማ ሰላምታ
ምሉእ ባህታ

ከመይ ሓዲርኩም
ከመይ ቐኒኩም
እጄ ግርኩማ
ደባማ ጫሪማ
እንተላይ ብቋንቋ ኩናማ
Aykien niniimno
Aykein gommo
ሰብከት ሕይወት ነፍሳት
ምስ ሕብረት ደቂ ሰባት
ግጥሚ ጠስሚ
ዕላል ጽላል
ዘረባ ዕንባባ ጸባ
ስነ ጽሑፍ ጽፍፍ ጣፍ

ንእሙን ጋሻ ቡን ምስ ሕምባሻ

ብስም አብ
ምስ የሕዋት ንቐራረብ
ብስም ወልድ
ብሓባር ንጸሊ ንሰግድ
ብስም መንፈስ ቅዱስ

ሎሚ መዓልቲ
ብርኽቲ ጽፍፍቲ
ሕጂ ክቅጽል
ነዞም ኢጋይሽና ንቐበል
ብሓድነት ክንጽሊ ንውዓል
ምእንቲ ምንታይ
ምእንቲ ቅድስና ነፍሰይ
ንለምኖ ንኢየሱስ ጎይታይ
ስጋቦይ ገብራይ ጺጋይ
ብድላይ! ምናዳ ምናዳ
ንሓጥያት ንስደዳ

ምእንቲ ሕድገት ሓጥያት
ንውድቀት እከይ ግብሪ
ንግደፉ አብዛ መሬት
ንደርብያ አብ ገሃነመእሳት

እዚ ኹሉ ምኽሪ
ክንዕረቐ ምስ ፈጣሪ
ምእንቲ ብሰላም ክንነብር
መታን ከነዕርፍ አብ ቤት እግዚአብሔር

ካብ ኮነ
ብስም አቦ ንሳነ
ሓቓይ ዶ!
ተዛረቡን ዶ!
ኦ ሰብ ገዛ፡ ሰብ አጉዶ
ስለዚ ኩልና
ማዕረ ኢና
ምኽሪ አሎኒ
ጽን ኢልኩም ስምዑኒ
አብዛ ዓለም ካብ ሃለና

ኩልና ክብረት አሎና
ነንሓድሕድና ንተሓጋገዝ
ብሓንቲ መሰመር ንጓዓዝ
ብድላይና ንፈጣሪና ንተአዘዝ
ዓቢይ ይኹን ንእሽቶ ወላ ዝበዝ
ብስም ጎይታ ንፋቐር
ክሳዕ ሞትና ንቅበር።

ሕጂ ድማ ሕቶ አሎኒ
ምሉእ መልሲ ሃቡኒ
ኩልኩም ስምዑ
እዝንኹም አቓንዑ
ካብ እምነት ተስፋ ፍቕሪ
ንመኖም ንመርጽ ንሓሪ
እስከ አታ ወዲ
መልሰኻ አናዲ
እስኪ አንቲ ጓል
መልሰኺ አብዛ ጎልጎል
በል አንታ ሰብኣይ
ቃልካ ደርቢ ለኣኸለይ
በሊ አንቲ ሰበይቲ
ንኽትምልሲ ናባይ ጠምቲ
እስኪ ብሓባር
ንዛረብ ንጨድር
እወ ፍትወት ፍቕሪ
ንዝኾነ ነገር ተጽሪ
ብርሃን ፈጣሪ
ነዓና መድሓኒት ቁሪ
ኮቦርታ ጨጉሪ
ምቁር መዓር ተጥሪ
ብኡነት ስጋቦይ ጉሪ መሓሪ
ስጋደይ አሪ ዳሪ ማሪ

ስለዚ ጸሎት ንግበር
መታን ከይንስበር
ፈቐድኡ አይንዓንድር
ምእንቲ ብሰላም ክንነብር

ተስፋ አይንቓረጽ
ንምድረ ገኑት ንምረጽ

ንእመን ክንስስን
መታን ብሻይጣን ከይንጣሓን
ንማንም አይንፍራህ
ንበል ደአ ኦ ረቢ ኦ አላህ

ዘረባ እንተ በዚሑ
አይትቕርሱ አይትምስሑ

ተመስገን ጎይታ
ባርካ ነዛ ባይታ
ምስጋና ንአቡን ንካህናት
ብእምነቶም ንተዓወት
ጠቒዒት ካብ ሰብኡት ቆልዑ
ዕልልታ ፍሽኽታ ካብ አንስቲ
ዓድላና ከም ባኒ ሕብስቲ

አዳላዊ መም. ሚካኤል ገብሩ
አፍቃሪ ምእመናን ደቂ ሃገሩ።

ዜናን ንጥፈታትን ሰበኻ

ማኅበር ካቶሊካውያን ነጋድያን አድባረ ቅዱሳት

ቀዳማይ ጉጅለ ማኅበር ካቶሊካውያን ነጋድያን ብብፁዕ አቡነ መንግሥተአብ ተስፋማርያም ጳጳሳ ዘመንበረ አሥመራ ተመሪሖም፡ አብ ዓመተ እምነት ካብ 15 ክሳዕ 27 ግንቦት 2013 ዓ.ም. አብ ቅድስቲ ሃገር ከምዝነገዱ፣ እዞም 35 ማኅበር ካቶሊካውያን ቀዳመይቲ ጉጅለ ነጋድያን ሓደ ጳጳስ ሓደ ካህን ሓደ ኃው፡ እቶም ካልኦት ከአ ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ምእመናን ኰይኖም፡ እቲ ናይ 12 መዓልቲ ምብጻሕ፡ ዝተፈላለየ አብ ቅ.መጽሓፍ ዘሎ ጽሑፋት ብግብሪ ዝረአይሉን ብዙሕ

ተመኵሮ ዝቐስምሉን ንግደቶም ፈጺሞም ብ 27 ግንቦት ናብ ሃገሮም ከም ዝተመልሱ ይዝከር።

እዚ ማኅበር ንቐጻሊ ዝምርሓሉ ሕጊ አዳልዩ፡ ብአርባዕ ቲኦም ጳጳሳት ጸዲቁ አሎ። ብዛዕባ እቲ ሕጊ ነጋድያን አድባረ ቅዱሳን ንምዝታይን አካየድቲ አባላት ንምምራጽን ከአ ዝሐለፈ ቀዳም 10 ነሓሰ 2013 አብ አዳራሽ ደብረ ኪዳነ ምሕረት አሥመራ ቀዳማይ ጉባኤኦም አካይዶም።

አብዚ ካብ ሰበኻታት ዝመጹ ካህናትን ምእመናንን ከምኡ'ውን አብቲ ቀዳማይ ንግደት ዝተሳተፉ አባላትን ዝተረኽብሉ ጉባኤ፡ ብፁዕ አቡነ መንግሥተአብ ተስፋማርያም ጳጳስ ዘመንበረ አሥመራ፡ ነቲ መደብ ብጸሎት ድሕሪ ምኽፋት፣ ንኢዮርሳሌምን ከባቢኣን ከምኡ'ውን ተሳተፍቲ ቀዳማይ ካቶሊካዊ ንግደት ንቅድስቲ ሃገር ዝበጽሕዎ ቦታታትን ዝገበርዎ ሓዋርያዊ ስራሕን ዝገልጽ ብስእልን ብቪድዮን ዝተሰነየ ተመኵሮኦም ኣኻፊሎም።

ተኸቲሉ ድማ እቲ ብአቡናት ዝጸደቀ ሕጊ ነጋድያን ንተሳተፍቲ ብአቦ መንበር እቲ ማኅበር አባ ተስፋማርያም ገብረክርስቶስ ንተጋባእቲ ተነቢቡ። ተሳተፍቲ ከአ ናይ ሓደ ሓደ ሕቶታትን መብርሂ ምስ ተዋህበ፣ እቲ መምርሒ አብ ዝቐልጠፈ እዋን አብ ግብሪ ክውዕልን ምዝገባ ሓደስቲ አባላትን ምስንዳው ናይ ዚመጽእ ንግደት ክጅመርን፣ ብምልባው፡ አካየድቲ ማሕበር እቶም ክሳዕ ሕጂ ክሰርሑ ዘጸንሑ ክቅጽሉ ካብ ነፍሲወከፍ ሰበኻ ከአ በብሰበኻኡ ዝተመርጹ አርባዕተ አባላት ክውሰኹዎም ብምስምማዕ ኣኼባኦም ዛዚሞም።

ቅብአተ ሜሮን - ቅ. አንጦንዮስ

ብፁዕ አቡነ መንግሥተአብ ተስፋማርያም ጳጳስ ዘመንበረ አሥመራ፡ ብ18 ነሓሰ 2013 አብ ደብረ ቅ. አንጦንዮስ ጉዳይፍ ን147 ቆልዑ ምስጢረ ሜሮን ቀቢኦም።

ሰንበት አብቲ ብሰለስተ ካህናት ተሰንዮም ዘቕረብዎ መስዋዕተ ቅዳሴ ነቶም ቆልዑ ክሳዕ ክንደይ ትምህርት ክርስቶስ ከም ዘጽንዑ ንምርግጋጽ ዝተፈላለየ ሕቶታት እንከቕርብሎም ቆልዑ'ውን አይሓሙቕን ዝተማህርዎ ብጽቡቕ መሊሶም። ብፁዕ አቡነ መንግሥተአብ ናብ ወንጌል ብምምላስ ብዛዕባ ሜሮን ምስ ጸራቕሊጦስ አ ተሓሒዞም አብ መንፈስ ቅዱስ አተኵሮም መንፈስ ቅዱስ ከምቲ ነቶም ሓዋርያት ካብ ፈራሓት ናብ ተባዓት ዝቐየሮም፡ ፍርሓት አርሓቍ ትብዓት፡ ዕሽነት አርሒቍ ጥበብ ከምዝህብ ብሰፊሑ ገሊጾም።

ዋዛ ምስ ቍምነገር

አምላኽ ንዝለመኖ እዩ ዝሰምዕ!

ማንቲለን ነብርን ከይተረአአዩ ጥቓ ጥቓ ነበሩ። ማንቲለ ኸአ "አንታ አምላኽ ካብ መዓት ሰውረኒ፡ አብ ፈተና አይተእትወኒ" እናበለት ጸለየት። ኣያ ነብሪ ከአ ብግዲኡ "አንታ አምላኽ በጃኻ መግቢ ዕለተይ ሃበኒ፡ ሎሚ መዓልቲ'ባ ሽሻየይ ሰርዓለይ" እናበለ ከሎ፡ አብ ጥቕኡ ማንቲለ ረአየ እሞ፡ "እዋይ ተመስገን ድራረይ ፈጢሩለይ" ኢሉ ነዛ ማንቲለ ክጐብጣ ይጐዪ። ማንቲለ ከአ "አንታ አምላኽ ካብ መዓት አውጽአኒ ኢለ ከም ዘይለመንኩኻስ እዚ ነብሪ ክውሕጠኒ፡ ስቅ ኢልካ ትርእየኒ አሎኻ? በጃኻ እባ ካብ መዓት አውጽአኒ" እናበለት ልባ ክሳዕ ትውጽእ ሃደመት። ነብሪ ከርክባ ቀረብኩ እናበለ ከሎ። ስቡሕ ሓሰማ አሳፊሑ አብ ጽላል ጸንሖ እሞ "እንታይ ገደሰኒ ደአ ብጉያ ልበይ ትወጽእ" ኢሉ ነቲ አሳፊሑ ዝጸንሖ ሓሰማ ፈረሶ ይበሃል።

ትምህርቲ "ናብ ፈተና ከይትኣትዉስ ንቕሑን ጸልዩን" (ማቴ. 26፡41)

(አባ ስብሓትለአብ ገብረሕይወት ካብ ዘዘንትውዎ ጽውጽዋያት)